# ሓበሬታ ብዛዕባ ኖርወጅኛን ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን ናይ ምምሃር ግዴታ፣

## ኖርወጅኛን ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን ናይ ምምሃር ግዴታ፣

ኣብ ኖርወይ ብዛዕባ እዚ ዝስዕብ ነገራት ንምሕታት መሰረት ክኾነካ ዝኽእል መንበሪ ፍቓድ ረኺብካ ኣለኻ፣

- ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ፡ ከምኡ'ውን/ ወይ ከኣ፣
- ዜግነት፣

ምእንቲ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ወይ ዜግነት ክወሃበካ ድማ፡ ገለ ካብቲ ከተማልኦ ዘሎካ ግዴታታት፣ ናይ 300 ሰዓታት ትምህርቲ ናይ፡- ማለት፣

- ኖርወጅኛ (250 ሰዓታት)፡ ከምኡ'ውን፣
- ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን (50 ሰዓታት)፣

ኣብቲ እትሓተሉ ጊዜ ዕድሜኻ 55 ዓመት ወይ ልዕሊኡ እንተድኣ ኮይኑ ግን፡ እዚ ግዴታ'ዚ ኣይምልከተካን ኢዩ።

ናይ መምሃሪ ወጻኢታት ባዕልኻ ክትከፍሎ ኣሎካ።

ካብዚ ግዴታ'ዚ ነጻ ንኽትከውን ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡ እንተ ድኣ፡-

- ንስኻ ብኖርወጅኛ ወይ ሳሚኛ (Samisk) ዘለካ ፍልጠት እኹል ምኳኑ ዘረጋግጽ ሰነድ ከተቕርብ ክኢልካ፣ ወይ'ውን፣
- ፍሉያት ናይ ጥዕና ወይ ካልኦት ብኽቢድ ዝምዘኑ ምኽንያታት ከም ዘለካ ተረጋጊጹ፤

## ተግባራዊ/ ጠቓሚ ሓበሬታት፣

ንትምህርቲ፡ ወይ ከኣ ካብ ትምህርቲ ነጻ ንምኳን ከተመልከት ምስ እትደሊ፡ ኣብቲ ዝተመዝገብካሉ ህዝባዊ ምምሕዳር ዝርከብ ናይ ልዕሊ-ዕድመ ትምህርቲ (Voksenopplæring) ክትውከስ ኣሎካ። ሕቶ ምስ ዝህልወካ ወይ ከኣ ንናይ ግዜ ገደብን ጉዳይ መሰላትን ዝምልከት ሓበሬታ ምስ እትደሊ ድማ፡ ነቲ ናይ ልዕሊ-ዕድመ ቤት ትምህርቲ ክትውከስ ትኽእል።

ባዕልኻ'ውን ኣብ www.imdi.no ወይ ከኣ www.udi.no ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።